# ንሚርያም ኣውቲዝም ኣለዋ።
# ንሳ እንታይ ክትገብር ትኽእል?




voor kinderen door kinderen KINDERPOSTZEGELS

Pro Juventute

kenniscentrum kinder-en jeugdpsychiatrie

LEVVEL

PHAROS EXPERTISECENTRUM GEZONDHEIDSVERSCHILLEN



## እዚኣ ሚርያም እያ

ሚርያም ምስ ወለዳ ብሓባር ትነብር።
ሚርያም መጻሕፍቲ ምንባብ ትፈቱው። ንሳ ብዛዕባ ጽምብላሊዕ ዝምልከቱ መጻሕፍቲ ጥራይ ተንብብ። ሚርያም ጽምብላሊዕ ኣዝያ ትፈቱው እያ።

ሚርያም ናብ ቤት-ትምህርቲ ትኸይድ እያ።



## ሚርያም መብዛሕትኡ ግዜ ጵምዋ ይስምዓ

ሚርያም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ባህ ኣይብላን እዩ።
ሚርያም መሓዙት ንምግባር ኣጸጋሚ ኮይኑ ረኺባቶ፣ ከምኡ እውን መብዛሕትኡ ግዜ ንበይና እያ ትኸውን። ንሳ ናይ ካልኦት ቆልዑት ዋዛታት ኣይርድኣን።

ሚርያም ሓደ ሓደ ግዜ እቶም ካልኦት ቆልዑት እንታይ ከም ዝደለዩ ኣይትፈልጥን። ንሳ እቶም ካልኦት ቆልዑት እውን ንዓኣ ከም ዘይርድእዋ ትሓስብ።

ሚርያም ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ካልኦት ቆልዑት ዝተፈልየ ይስምዓ።



## ሚርያም ንኸትመሃር ኣጸጋሚ ኮይኑ ረኺባቶ

እቶም ኣብ ናይ ሚርያም ክፍሊ ዘለዉ ቆልዑት ብዙሕ ጽምጺታት ይገብሩ። ሓደ ሓደ ግዜ እቶም ቆልዑት ኩሎም ኣብ ሓደ እዋን ይዛረቡ። ሚርያም ኣእምሮኣ ቀልጢፉ ትጭነቐ። ሚርያም ብዛዕባ እዚ ጸገም ኣለዋ።

ሚርያም ዝከኣላ ኹሉ ትገብር እያ። እንተኾነ ግን ኣብ እዋን ትምህርቲ ብግቡእ ክትሰምዕ ኣይትኽእልን እያ። እንተድኣ ነገራት ዘይተረዲእዋ ሚርያም ቀልጢፉ ትሓርቐ።



## ናይ ሚርያም ወለዲ ሓገዝ ደልዮም

ንሚርያም ኣቦኣ ናብ ሓኪም-ገዛ ደዊሉ፣ ከምኡ እውን ቆጸራ ገይሩ። እቲ ሓኪም-ገዛ ምስ ሚርያምን ወለዳን ተዘራሪቡ።

ንሱ ንሚርያም ሓገዝ ከም ዘድልያ ተዛሪቡ። እቲ ሓኪም-ገዛ ንሚርያም ናብ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ኣመሓላሊፍዋ።

እቲ ሓኪም-ገዛን ምምሕዳር ከተማን ንቆልዑት ሓገዝ ከዋዱድሎም ይኽእሉ እዮም።

ሓደ ቆልዓ ኩሉ ግዜ ንሓደ ሰብ ናብ ቆጸራ ክማላእ ይኽእል እዩ። እቲ ቆልዓ ዝኣምኖ ዝኾነ ሰብ።




## ሚርያምን ወለዳን ናብ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ይኸዱ

በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ንቆልዑት ምስኦም ብምዝርራብ ትሕግዝ። ንሳ ብዛዕባ ቆልዑትን ንቆልዑት ከመይ ከም ዝስምዖምን ብዙሕ ኣፍልጦ ኣለዋ።

እንተድኣ ብቋንቋ ኔዘርላንድስ ክትዛረቢ ዘይደለኺ፣ ሓደ ኣተርጓማይ ንኽግበረልኪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ። ኣተርጓማይ ቋንቋ ብምትርጓም ይሕግዝ።

1. ሚርያም መጀመርታ ምስታ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ክትላለይ እያ።
2. ድሕሪኡ እታ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ መርመራ ትገብር። ንሳ ንሚርያምን ንወለዳን ሕቶታት ትሓቶም። ንሚርያም ኣየኖት ጸገማት ከም ዘለውዋ ንምርኣይ።
3. ብድሕሪኡ እታ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ንሚርያም ክትሕግዛ እያ።



## ሚርያም ኣውቲዝም ከም ዘለዋ ሰሚዓ

እታ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ንሚርያም ኣውቲዝም ከምዘለዋ ነጊራታ። ኩሎም ኣውቲዝም ዘለዎም ቆልዑት ይፈላለዩ እዮም።
ገሊኦም ኣውቲዝም ዘለዎም ቆልዑት፣ እንተድኣ ነገራት ተቐያይሮም ኣጸጋሚ ኮይኑ ይረኽብዎ። ንኣብነት እንተድኣ ሓደ ክፍሊ-ትምህርቲ ተሰሪዙ። ከምኡ እውን ገሊኦም ቆልዑት ኣብ ሓደ ነገር ኣዝዮም ዝተጸምዱ እዮም።

ሚርያም ንኣብነት ጽምብላሊዕ ኣዝያ ብዙሕ ትፈቱውን፣ ሓደ ሓደ ግዜ ቀልጢፋ ክትሓርቐ ትኽእልን።

ኣብ ዓለም ኣውቲዝም ዘለዎም ዝያዳ ቆልዑት ኣለዉ። ኣውቲዝም ብተፈጥሮ ምስኡ ኢኻ እትውለድ።




## ንኣተኣላልያ ኣውቲዝም ምምሃር

ኣውቲዝም ንምሉእ ህይወትካ ምሳኻ ዝህሉው እዩ። እንተኾነ ግን ብእኡ ምኽንቲ ብዙሕ ከይትጽገም ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

እታ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ፣ ኣውቲዝም እንታይ ምዃኑ ንወለዲ ናይ ሚርያም ነጊራቶም። ከምኡ እውን ወለዲ ናይ ሚርያም፣ ንዓኣ ንምሕጋዝ እንታይ ክገብሩ ከም ዝኽእሉ ተማሂሮም። ንሳቶም ነፍስወከፍ መዓልቲ ኣብ ሓደ ዓይነት ሰዓት፣ ሓደ ዓይነት ተግባር ክገብሩ ንሚርያም ጽቡቕ እዩ። ሓደ ቀዋሚ ውጥን ይሕግዝ እዩ።

ናይ ሚርያም ወለዲ ሕጂ ንዓኣ ብዝሓሸ ይርድእዋ።




## ሚርያም ሓገዝ ትቕበል

ሚርያም ምስታ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ብሓባር ልምምድ ገይራ።
ብኸምኡ ንሳ ኣውቲዝም እንታይ ምዃኑ ተማሂራ።

ሚርያም ካብታ በዓልቲ-ሞያ ስነ-ኣእምሮ ምኽሪ እውን ተቐቢላ።




## ሚርያም ኣብ ቤት-ትምህርቲ እውን ሓገዝ ትቐበል

ከምኡ እውን መምህር ንሚርያም ይሕግዛ እዩ። ንሱ ኣብ ክፍሊ ብዛዕባ ኣውቲዝም ብዝምልከት ነጊሩ። ብድሕሪኡ ሚርያም ምስ ክፍላ ብሓባር ብዛዕባ ኣውቲዝም ዝምልከት ሓጺር ፊልም ርእዮም። እቲ ሓጺር ፊልም ኣውቲዝም እንታይ ምዃኑ ዘርእይ እዩ።

እቶም ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉ ቆልዑት ሕጂ ኣውቲዝም እንታይ ምዃኑ ተረዲእዎም። ኣብቲ ክፍሊ ሕጂ ዝያዳ ህድኣት ኣሎ። ሚርያም ንመምህር ብዝሓሸ ክትሰምዕ ትኽእል።



## ሚርያም ሕጉስቲ እያ

ሚርያም ገሊኦም ነገራት ገና ቀሩብ ኣጸገምቲ ኮይኖም ረኺባቶም፡፡ እንተኾነ ግን ሕጂ ሚርያም እዚ ንምንታይ ኣጸጋሚ ምዃኑ ይርድኣ እዩ፡፡

ናታ መማህርቲ ክፍሊን ወለዳን፣ ንሚርያም ሕጂ ብዝሓሸ ይርድእዋ፡፡ ነፍስወከፍ ሰብ ንሚርያም ንምሕጋዝ ዝከኣሎ ኹሉ ይገብር፡፡

ሚርያም ሓዳስ መሓዛ ኣላታ፡፡ ሚርያም ሕጉስቲ እያ፡፡

**Tekst**: Nienke Bekkema, Sara El Abbassi, Irma Hein, Anna de Haan en Marjolijn van Leeuwen
**Illustraties**: Monica Hajek
**Klankbordgroep**: Marzouka Boulaghbage, Meron Tewelde, Iyad Abdullah, Ouardia Sojah en Gülsen Baygül.
**M.m.v.**: Karin Egelmeer, communicatieadviseur Pharos.
**Onmisbare steun**: De jongeren die ons hielpen deze beeldverhalen te testen.

© Kenniscentrum Kinder- en Jeugdpsychiatrie, Pharos en Levvel, 2020.

Animaties van deze uitgave in het Nederlands, Pools, Tigrinya en Arabisch vind je op de websites van het Kenniscentrum Kinder- en Jeugdpsychiatrie en Pharos.

De beeldverhalen en animaties zijn mogelijk gemaakt door Stichting Kinderpostzegels en Stichting Steunfonds Pro Juventute.

voor kinderen door kinderen KINDERPOSTZEGELS · Pro Juventute · kenniscentrum kinder-en jeugdpsychiatrie · LEVVEL · PHAROS EXPERTISECENTRUM GEZONDHEIDSVERSCHILLEN